## ‘ተመን ምእንቲ ኸብዱ ይኸይድ ብኸብዱ’

## ጭፍራታት ህግደፍ ኣብ ቶሮንቶን መናውራታቶምን

ብመጀመርያ ንህዝቢ ኤርትራ ብምኽንያት መበል 20 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ንዝሕለፎ ብዓል  ዮሆና እንዳበልኩ ኣብ ቶሮንቶን ከባቢኣን ዝርከብ ደምበ ተቓውሞ ብኣዙዩ ዘሕብንን ልዑል ትርጉም ብዘሎዎ ዝኽሪ 20 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ብሓባር ክብዕል ምኻኣሉ ድርብ ዓወት ኮይኑ ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ደምበ ተቓውሞ ሓድሽን ሓያል መድረኽ ዝኸፈትን  ምኻኑ ዘየማትእ ክውንነት እዩ። ሰፊሕ ህዝብና ካብቲ ዝሓለፎ ነዊሕ ጉዕዞን መሪር ተምክሮን ንናይ ሕግደፍ ብሸፉን  ብዓላት ሃገሩ ኣእምሩን ገንዘቡን ክስልብዎ ዝጸንሑ ዝምድና በቲኹ ንውራያቶም በረረው ከምዘብል ገይሩ ክሳራን ሕፍረትን ተሸኪሞም ከምዝወጹ ከምዝገበሮም ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኮይኑ ይርከብ። በዚ ዓወት ከይትሓጽረ ድማ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ንዕርድታቶም ዘፈርስን ሓሞቶም ዘፍስስን መቓልሕ ናይ ተቓውሞ ኣብ ማእከል ኣደራሽ መንግስቲ ኣንታርዮ ከስምዕ በቂዑ ምርእይ ንተቓላሳይ ልዑል ፍናን ዝህብ ጉዳይ እዩ።

ኣብ ናይሎሚ ካልኣይ ክፋል ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ዘተንባህክዎ፣ ህግደፍ ኣብ ቶሮንቶን ከባቢኣን ብዘይካ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ብኸብዶም ዝተገዝኡ ሕልና ኣልቦ ዝኾኑ ጭፍራታት ዝኾነ ናይ ህዝቢ ደገፍን ሰረት ከምዘይብሉ ዳርጋ ኩላትና ንፍለጦ ጉዳይ እዩ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። እዚ ኾይኑ ህዝቢ ተቓውሙኡ ብስሙርን ጥርኑፍን ነኸይገልጽ ኣፉ ዓቢሶም ኣብ ነንሕድሕዱ ከምዘይተኣማምን ጎይሮም ብሕታዊ ረብሕኦም ንምቕዳም ከም ኣጋንንቲ ለይቲ ምስ መዓልቲ ዝሰርሑ ከምዘሎዉ’ን ብሩህ ጉዳይ’ዩ። እዞም ኣብ ከምዚ ኣዕናዊ ስርሓት ተዋፊሮም ዝርከቡ ካብ ዝፍጠሩ ኣብ ጉዳይ ሃገር ዝኾነ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ዝገበርዎ ስለዘይብሎም ነቲ ብኽንደይ ቃልስን መስዋእትን ዝተረኽበ ናጽነት ኤርትራ ብዘይካ ብዓይኒ ሃብቲ ምድላብን ስልጣን ምሓዝን ብኻልእ ኣይጥምትዎን እዮም።

ነዚ ኣባሃህላ’ዚ ኣብ ጭቡጥ ሓቅታት ተመሪክስና ክንርእዮ ምእንታን። ኣብ ቶሮንቶ ካብ ፍርቂ ሰመንያታት ጀሚሮም ኣብ ዝላዓለ ጽፍሒ ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ሓኺሮም ብዋጋ ድኻምን ረሃጽን ሰፊሕ ኤርትራዊ ሃብቲ ዝደለቡን ስልጣን ተማሲሖምን ዝርከቡ እዞም ኣብ ታሕቲ ንርእዮ ዘሎና ጭፍራ እዮም።







መሓሪ ማና | እስትፋኖስ ንጉሰ | እስቲፋኖስ ሃብቶም | ደበሳይ ግርማጽዮን | ሃብተጽዮን (ወዲ-ሓወቦይ)

እዞም ሰባት እዚኣቶም ብምሉኣቶም ብዕድመኦም ስሳ ዘሕለፉ ኮይኖም ኣብ መወዳእታ 1974 ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ዝወድኡን ገሊኦም ድማ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊሮም ዕድመኦም ኣብቲ ርሱን መድረኽ ንቓልሲ ዝደረጉ ምንባሮም ንምግንዛቡ ኣሸጋሪ ኣይኮነን። እትረፍ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ’ስ ካብ ኢትዮጵያን ኣሜርካን ኣውሮጳን ማእከላይ ምብራቕ ከይተረፉ ትምህርቶም ስርሖምን ምዉቕ ሓዳሮም ጠንጢኖም ንሜዳ ቁጽሪ ዘይብሎም ጀጋኑ ከምዝዋሕዙን ኣብ መጨረሽታ ድማ ሃገራዊ ጉቡኦም ፈጺሞም ዝተስዉኡ ተሰዊኦም ዝተረፉ ድማ ኣካሎም ጎዲሎም ናጽነት ኣጨቢጦምና። እዞም ሕጂ ገበርትን ሓደግትን ናይ ህግደፍ ኣብ ቶሮንቶ ኮይኖም ንማሕበረሰብ ኤርትራ ኣብ ዘሎዎ ሃገረ ካናዳ ከይተረፈ ሰላም ከሊኦሞ ምሸት ምሸት ዊስኮምን ሾድኮኦምን ኣብ ፈቐዶ ባራትን ረስትሮንታት እንዳጨለጡ ነዞም ትማል እዚ ዘይባሃል ጅግንነት ድ

ዝፈጸሙ ዜጋታት ንኽትገልጸ ብዘሕፍር መናውራት እንዳዘለፉ ዝነብሩ ዘሎዉ እንታይ ገይሮም ኣብቲ ፈታኒ መድረኽ እንተበልና ዘሕፍር ኮይኑ ኢና ንረኽቦ።

እዞም ሰባት ገሊኣቶም ከምኒ መሓሪ ማና። እስቲፋኖስ ንጉሰ። እስቲፋኖስ ሃብቶም ኣሕዋቶም ኤርትራውያን ዝገደፍሎም ኣብ ኢትዮጵያ ጥርሑ ናይ መንግስቲ ቦታት ንኽሕዙ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም ክትፎኦም እንዳበልዑ ምኡዛዛት ናይ ኤሰፓ ኣገልገልቲ ኮይኖም ድሕሪ ምጽናሕ ካብ ኩቱር ምእዝዘነቶም ኢትዮጵያውን ዘይረኽብዎ ዕድል ኣብ ደገ ንኽወጹ ማህደረ-ትምህርቲ ተዓዲሎም። ብኽምዚ ድማ ሜዳ ኤርትራ ከይርኣይዋ ብዋጋ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንስደቶም ኣምሪሖም። ድሕሪ ትምህርቶም ምውዳእ እውን ከምቶም ካልኦት ኣሕዋቶም ሃገራዊ ስምዒት ደፊኢዎም ንሜዳ ኤርትራ ክንዲ ዘምርሑ ንካናዳኦም ቅድሚ ሰቦም ኣምሪሖም። ደበሳይ ግርማጽዮን እውን እንተኾነ ሜዳ ኤርትራ ሰንጢቑ ንበይኑ እውን ከይከውን ምስ ሙሉእ ስድራቤቱ ንናይጀርያ ሃብቱ ንኽድልብን ከማሃርን እዩ ዘምርሐ። ካብኡ ድማ ከምቶም ብዙሓት ካብ ናይጀርያ ኣብ ፍርቂ ሰመንያታት ትምህርቶምን ስርሖምን ጠንጢኖም

ንሜዳ እትሰልፉ ኣብ ክንዲ ምኻን ንካናዳ ብኣጋኡ ተጣይሱ ሓዳሩ ክተክል እዩ ዝተጋየየ። ናይ ወዲ-ሓወቦይ ታሪኽ ድማ ፖሊስያ ናይ ኢትዮጵያ ተኸቲቡ ተጋደልቲ ኣብ መጀመርታ ናይ ሰብዓታት ክዳጋገን ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ተ.ሓ.ኤ ኣብ 1973 ድሕሪ ምስላፍ ኣብ 6 ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ሃዲሙ ንሱዳን እዩ ኢዱ ዝሃበ፣

“ሓደ ሕብሪ መንገብገብ ዘሎወን ጨራሩስ ብሓደ ይነፍራ” ከምዝባሃል፤ እዞም ሓደ ዓይነት ዘሕፍር ሕሉፍ ታሪኽ ዘሎዎም ኣካላት ኣብ ቶሮንቶ በብመንገዶም ምስተራኸቡ ንሑሉፍ ታሪኾም ንምሽፋን ጭፍራ ምፍጣሮም ብዙሕ ዘገርም ኣይኮነን። ካልኦት ብሓያል ሃገራዊ ስምዒት ተደፊኦም ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዘይብሎም እዚ ዘይብሃል ሓገዝ ክገብሩ እንከሎዉ እዞም ሕጂ ንርእዮም ብስኽራን ብልሽውናን ህዝቢ ቶሮንቶን ከባቢኣን ዝሰካሓሎም ነቲ ሃገራውያን ዝለገስዎን ዝኣከብዎን ገንዘብ ከም ሓለፍቲ ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ገና ካብ መወዳእታ ሰመንያታት ጀሚሮም ኣብ ረብሖኦም የውዕልዎ ነይሮም። ምስቲ ኣብቲ እዋንቲ ዝነበረ ዉዕዉዕ ሃገራዊ ስምዒታት ከምዚ ዓይነት ብልሽውና  ክገብሩ ኢሉ ዝሓስብ ስለዘይነበረ፤ እቲ ዝዋሀብን ዝእከብን ዝነበረ ገንዘብ ናይ መቃጻጸሪ ቅጥዕታት ዝባሃል ኣይነበሮን። ካብ ኣብ ዶሮርኮርትን ዱፖንት ዝርከብ ዝነበረ ናይ ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ እንዳ ሻህን ምግብን ኣብ መዓልቲ ካብ $400 ንላዕሊ ዝኣቱ ዝነበረ፤ ሽያጥ ናይ መጽሄታትን ካሴታትን፤ ናይ ባዓላት ኣታዊታት፤ ካብ ህዝቢ ዝርከብ ዝነበረ ወፈያታት፤ ኮታ እዚ ዘይባሃል ኣታዊ ኣበይ ዊዒሉ ከይተባህለ ንህዝቢ ሕሳብ ከይተነግሮ ናይ ናጽነት መድረኽ ተኣትዩ። ህዝቢ ድማ እንቃዕ ድኣ ናጽነት ሃገርና ጨበጥና እምበር ናይ ገንዘብ'ሲ ንናጽነት ሃገርና ኢና ለጊስናዮ ብምባል ዝኸነ ናይ መዕጸዊ መተሓሳሰቢ ከይተግብሮ ንዕኦም ቃሕ ከምዝብሎም ኣብ ነንሕድሕዶም ተማቓሪሖም ኣብ ባር እንዳ ዘወንጌል ብዊስክን ጥብስን ለይቲ ምስ መዓልቲ ክጻፍው ኣብ መጨርሽትኡ ክኣ ግዳይ ናይ ሽኮርን ብዝሒ ደምን ኮይኖም ኣብ'ዚ ሕጂ ወዲቖም ዘሎዉ ሕማቕ ናይ ጥዕና ኩነታት ክወድቑ ኪኢሎም።

እዚ ከይኣክል ቅንጣብ ኣበርኪቶ ዘይገበሩላ ሃገር። ናጽነት ምስ መጸት ምስቲ መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ናብ ቶሮንቶ ከምጹ ከሎዉ ብየማንን ጸጋምን ዓጂቦም ምስ ህዝቢ ከምዘይራኸቡ ገይሮም ለይትን መዓልትን ካብ ህዝቢ ዝስረቕዎ ገንዘብ ተጠቒሞም ዊስኪ እንዳስተዩን ጮማ እንዳብልዑ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ወካይላት ክኾኑ በቒዖም። እስቲፍኖስ ንጉሰ ከም ወኪል ናይ ሓጎስ ክሻ ሓላፊ ኣብ ካናዳ ናይ ህ.ግ.ደ.ፍ ናይ ገንዘብ ተመዲቡ ኣብ ርእሲ እቲ ደሞዙ ብኾፉ ካብ ህዝቢ ዝኽፍሎ እንዳተኸፍለ ጉዳዮም ኣብ ኤርትራ ከሳልጡ ንዝመጽዎ ካብቲ ተኸፍልዎ ክልተ ካብ ሚኢቲ ከጉደለልኩም ምእንታን ብታሕቲ ጉቦ ትኸፍሉኑ እንዳበለ እዚ ዘይባሃል ገንዘብ ከምዘደለበ ኩሉ ተቐማጣይ ቶሮንቶ ኣፉ መሊኡ ዝዛረበሉ ጉዳይ'ዩ። ብኽምዚ ድማ ከም መንሹራ ናይ ቶሮንቶ እዩ ህዝቢ ዝገልጾ። ስስዑቱ ደረት ዘይብሉ ስለዝኾነ እዚ ከይኣኽሎ ካብ ናይ ብዓላት ናይ ዩክረንያን ኣደራሽ ክራይ ስሩዕ ስልዒት እንዳረኸበ፤ ካብ ናይ ቶሮንቶ ናይ ስፖርት ፈደረሽን ኣብ 1997 ኣብ ቶሮንቶ ዝተኻይደ ቶርናመንተ ካብ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ዶላር ዝኣተወ ምስ እዮብ ፎቶን ክብርኣብ ወንድሙን ሃይለ ደስታን ኮይኑ ዝተማቐሎ፤ ብቐጻሊ ካሴታትን መጽሕፍትን ናይ መንግስቲ ምስ ካልኦት ነጋዶ ኮይኑ እንዳሸጠ እዚ ዘይባሃል ገንዘብ ደሊቡ ኣብ ርእስቲ ኣብ ሚሲስጋ ዝገዝኦ ቪላ ክልተ ቪላታት ብሽም ካልኦት ቤተ-ሰቡ ኣብ ቶሮንቶ ከምዝገዝኤ ጭብጥታት ኣሎ።

እዚ ከይኣክል ኣብ 812 ብሉር ዌስት ዝርከብ ብናይ እንዳ ፔሮ ሮስትራንት ዝፍለጥ ቤት መግቢ ብሽም መሓሪ ማና ብ$550,000 ኣብ 2003 ይገዝእ ድኣምበር ዋናታቱ መሓሪ ማና፤ እስቲፋኖስ ንጉሰ። ደበሳይ ግርማጽዮን፤ ዘመደ (ኣብ ካልኣይ ደርጃ ናይቲ ህንጻ ናይ ሕሳብ (ኢንካም ታክስ) ኣገልጉሎት ዝህብ) ፤ ሃብተጽዮን (ወዲ-ሓወቦይ) ምኻኖም ዝተረጋገጸ ጉዳይ እዩ። እዚ ገንዘብ'ዚ ካብ ህዝቢ ተሰሪቒ ተሓቢኡ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ምጽናሕ  ሰራቕ ሞባእ'ሲ ባዕሉ ይላፋለፍ ከምዝባሃል እንሆ ባዕላቶም ንስርቆም የቃልሑ ንርእዮም ኣሎና፣ ንሎሚ እዚ ዎድሓንኩም ኣብዝቕጽል ሳልሳይ ክፋል ስጋብ ንራኽብ እዚዎድሓንኩም፣

ፍ.ቀ